# ናይ ጥዕና ሜላን ኣገባብን

ናይ ጥዕና ሜላ ኣብ ስዊስ ብጽብቕን ጽፉፍን ዝተመስረተ ኢዩ። ነበርቲ ስዊስ ብጥሙርን ግዴታን ናይ ጥዕናን ሓደጋን ድሕነት ይኣትዉ። ብዙሓት ናይ ጥዕና ማእከላት: ቤትመሸጣ መድሃኒት: ናይ ገዛ ሓኪም ማእከል: ኩሉ ንጥዕና ዝምልከት ጉዳያ ብዕቱብ ይከታተልዎ።

## ኣገባብ / ሜላ ናይ ጥዕና ድሕነት

ኣብ ስዊስ ኩሎም ነበርቲ ንጥዕናን ሓደጋ ምስዘጋጥምን ድሕነት ወይ ውሕስነት ክኣትዉ ይግባእ። ናብ ስዊስ ዝኣቱ ኩሉ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ኣዋርሕ ውሕስነት/ድሕነት ክኣቱ ይግባእ። ዝውለዱ ሕጻናት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ድሕሪ ምውላዶም ውሕስነት ክእተወሎም ይግባእ። ንጥፈታት ኣድላይነት ናይ ዚ ግቡእ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት ብሕጊ ዝተሓንጸጹ እዮም። ኩሉ ውሕስነት ዝኣተወ ሰብ በቲ ዝድለ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረክብ መሰሉ እዩ*

## ምወላ

ናይ ስዊስ ናይ ጥዕና ሜላን ኣገባብን: ካብ መንግስቲ: ካንቶን: ምምሕዳር ከባቢ: ኣስራሕቲን ውልቀሰባትን ብሓባር ይምወል። ውልቀሰባት ንሕማምን ሓደጋን ምስዘጋጥም ዝውዕል መሰረታዊ ግቡእ ውሕስነት/ድሕነት ወርሓዊ ይኽፍሉ።እዚ መጥኑ ዓመት መጸ ይውሰን: ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ከኣ ይፈላለ። ዝሓመመ ወይ ሓደጋ ዘጋጠሞ ሰብ: ነቲ መሐከሚኡ ዝኸውን ክፍሊት ብኽፋል ይሽፍን።እዚ (Franchise) ወይ ባዕልኻ ትሽፍኖ(Selbstbehalt) ዕሽር ናይ መሐከሚ ዋጋ እዩ። ኣብዚ ግን ሓደ ውሱን ናይ ዓመት ክፍሊት ኣሎ።

## ምትርጓም

ብሓደ ዘይትፈልጦ ቋንቋ: ምስ ሓኪም: ዋና ቤት መድሃኒት ወይ ምስ ሓኪም ገዛ ክትረዳዳእ ቀሊል ኣይኮነን። ገለ ገለ ሕክምናታት ብነጻ ከይከፈኣ ካብ ውሽጢ ባህሊ ዝፈልጡ ተርጎምቲ የዳልዉ። ተርጓማይ ምስዘድልዮም እቶም ተሓከምቲ ኣቐዲሞም ክሕብሩ ይግባእ። እቶም ተርጎምቲ ከኣ ንኻልእ ሓኪም ኣቐዲሞም ተታሒዞም ክኾኑ ይኽእሉ ኣዮም። ኣብዚ ኩነታት ባዕልኹም ክትከፍሉ ትግደዱ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/health/health-care-system